# „ምምስጋን ሰላማዊ ዚኾነ መለሳ ኣሎዎ“

ኣብ *„ሰንበት ዘጠል“*--›በሰንበት ቦኣ ኢየሱስ ምኽራቦሙ ለኣይሁድ…እንዳበልና ኣብ ዚዚመረሉ ሰዓት፣ ናይ ምምስጋን ጠባየ-ደረጃና እንመዝነሉን፡ ዚተሓደሰ-ዱጐማ እንገብረሉን ምቹእ ባይታ'ዩ። እቱይ ቀሪቡልና ዘሎ መንፈሳዊ ትምህርተ-ኣስተንትኖና ከዓ፡ ክነዳምጾን፡ ክነንብቦን ዕድል ከም-ዚረኸብናዮ፣ ማለት፦ ንዚተለገሰልና ቃል-መምህርና-ክርስቶስ፡ „---›ድልየት ርስቲ ምምቃልን፡ ምምጻእ ፍጻሜ-ምድራዊ-ሕይወትን፡..-“ ናብ ዚብል ጠመተ ዚገበረ ኰይኑ ኪረከበልና እዩ። ስለ'ዚ፦ ዕለቱ፡ ዝክረ-ዕለተ-ኣቦና ቅዱስ ያዕቆብ ዩስጢኖስ፦ ማለት፦ ብጐርጎርዮሳዊ ኣቈጻጽራ ብ31 ሓምሌ-1860 ዓመተ-ምሕረት፡ ናብ'ቲ ብዓይኒ-እምነት ናብ እንምልከቶ „ሰማያዊ እሞ ኸዓ ዘለዓለማዊ ናይ ሓጐስ-ቦታ ናብ ዚኾነ ቤት „ፈጣሪና“ ንምእንቲ ኪሕወሱ ዳግማይ ውልደት (ማለት፦ ካልኣይ ጊዜ ብመንፈስ ንኪውለዱ) ዕድል ዚረኸቡሉ ምኽኑ'ዩ ኰይኑና ዚርከብ ዘሎ እዚ ናይ ሎሚ ዓመታዊ-ዝኽሪ እሞ ኸዓ መንፈሳዊ ምትእኽኻብና ኰይኑ ዚርከብ ዘሎ። ቀዳማይ ሥጋዊ-ትውልዶም፡ ኣብ ሃገሮም ዚኾነ ምድረ-ጣልያን፡ „ቅዱስ ፈለ-San Fele“ ኣብ ዚተሰምየ „ርስቲ ኣቦታቱ ኣብ ዚኾነ፣ እቱይ ካልኣይ ትውልዲ ዚኾኖም ከዓ፡ ኣብ ርስቲ ምድረ-ሓበሻ ዚኾነ መሬት ኤርትራን-ኢትዮጵያን ዘካተተ ድሕሪ ምዕያይ፣ ኣብ ክፋል ናይ ሎሚ ሃገረ-ኤርትራና „ዓል-ገደ“ ኣብ ዚተሰምየ „ኣጻምእን፡ ዓሶን“፡ ኣብ ዚበዝሖ ከባቢ ኪንቀሳቀሱ ስለ-ዚተረኽቡ ምድራዊ-መዋዕሎም ኪሓጽር ከም-ዚተረኽበ'ዩ። ምኽንያት ዳግማይ ትውልዶም ብምኽን ከኣ ንገድለ-ታሪኾም ሎምን፡ ዓመት-መጸን ክንትርኾ ንርከብ ኣሎና። ናይ ትማሊ „ሚስዮናዊ-ሓዋርያና“፣ ናይ ሎሚ ኸዓ „ቅዱስ መማለዲና“ ኰይኖም ዚርከቡልና ኣቦና „ያዕቆብ በዓል ዩስጢኖስ“፣ ነዚ ብመምህር ክርስቶስ ንዚተጠቅሰ ምሳሌኣዊ-ኣብነት ናይ ሓደ-ሃብታም ዚኾነ „ርኹብ ሰብኣይ“ ኩነት፣ ምስ'ቲ ኣብ ርስቲ-ኣቦታትና ዚኾነ ሃገረ-ኤርትራን ሃገረ-ኢትዮጵያን ንዘሕለፍዎ ገድለ-ታሪኾም ብፍልይ ዚበለ እሞ ኸዓ ትሑትን እዙዝን ብዚኾነ መንፈሳዊ-ልባስ ተላቢሶም፣ ናብ ኣፍራይነት ኪቅይርዎ ከም-ዚተረኽቡ እንመሃረሉን፡ እነስተንትነሉን ዘሎና ሰዓተ-ጸሎት'ዩ እዙይ በብዓመቱ እነዘውትሮ መንፈሳዊ ምትእኽኻብና። ኣቦና ያዕቆብ ካብ'ቲ ናይ ወለዶም ርኽበተ-ውርሻ ኣሎንን፡ ይግብኣንን፡ ዚብል መንፈስ ከይ-ኣሕደሩን፡ ከይ-ኣጥረዩን፣ ነታ ብግሎም ንዚውንንዋ „ሕይወቶም“፣ ንኣሕዛብ ምድረ-ሓበሻ (ኢትዮጵያን፡ ኤርትራን)፡ ከወፍይዋ ከም-ዚተረኽቡ ድሮ ካብ እቱይ እንፈልጦ ገድለ-ታሪኾም ዚተማሃርናዮን፡ ወትሩ'ውን እንድሰተሉን ዘሎና ርኽበተ-ውርሻና'ዩ። ብዚቀደሙ ወለድና እሞ ከዓ ሕዝበ-ሓበሻ ተባሂሎም ብዚልለዩ፣ „ፈታው-ማርያም“ ዚብል ተወሳኺ ዚኾነ „ስመ-ቅጽል“ ዚተዋህቦም „ትጉህን፡ ርቱዕን“ ዚነበሩ ኣቦና ያዕቆብ፣ ምድራዊ-ርስቲ ካብ ምውራስ ብገዛእ-ፍቃዶምን፡ ብወለንትነቶምን፣ „ኣይ-ጠቅመንን'ዩ ብምባል ተሓሪሞም፤ እዞም „ኣሕዛብ-ሓበሻ“ ርስተይ፡ መዋርስተይ ንኪኾኑለይ'ዩ እቱይ እንኮ ትምኒተይን፡ ድላየይን እናበሉ ንምእንቲ ስሰና ኣሕዛብ-ሃገራትና (ወይ'ውን ንምእንቲ ጸለምቲ ኣሕዛብ) ብምልኣተ-ልቢ ክውፈዩ ዚተረኽቡ። ገድለ-ታሪኽ ናይ መንፈሳውያን-መራሕቲ ዚኾኑ ዓየይትን፣ ፖሎቲካውያን እሞ ኸዓ ኣብ ማሕበረ-ሰብኣዊ ንጥፈታት ጥራሕ ኣፍራዪ ዚኾነ እጃሞም ዘበርከቱ ዜጋታት-ውሉድ እንተ

- ተረኺቦም፣ ምስክርነት ናይ እንታይነቶም ኰይኑ ዚርከበሎም ኩነት፣ እቲ ብዓያይነቶም ናብ ጭቡጥ ፍርያት ኪበጽሕ ዚተረኽበ እሞ ኸዓ ንወለዶታት ዚሰጋገር ሀያበ-ውጽኢት'ዩ፣፣ እኳ'ውን ድኣ፦ እዝስ ካብ እገለይቶን፡ ብእገሌን፡ ዚተሰረተን ዚበቈለን ዘርኢ'ዩ እና-ተባህለ ተግባራዊ ዚኾነ ግዙፍነቱ ብጭብጢ ክርኣን፡ ክብልግን፡ ባይታኡ ይጥጥሕ። መሠረቱ ከኣ፡ እና-ዓመቈን፡ እና-ደልደለን ንኺኸይድ ዕድል ይገጥመሉ። ኣብ ህልው-ዘመና ካብ ዚቀላቀሉ ሓደ-ክልተው ኣብነታውያን „ራእያት“ እንተ-ተጠቅሱ ከኣ ሰናይ ኣብነት-ተዘክሮ'ዩ። ካብ ዋሕዲ-ዝናም ዚተላዕለ፣ „ድርቅን“፡ ምድረ-ብዳነትን፡ እና-ሰፍሐ፣ „ኣእዋም በረኻና“ ኸዓ፡ እና ባደመን ኣብ ዚኸደሉ ዘመን፣ ከም መተካእታ ንምእንቲ ኪኸውን ዚተሓለነ፣ „ሓምላይ-ኣሻራ“ ተባሂሉ እቱይ ዚጠፍኤን፡ ዚበረሰን፡ ኣግራብ ናብ ንቡር ንምእንቲ ኪምለስ፣ ልምዓታዊ-ሥራሕ'ውን ንምእንቲ ክልመድ፣ ሓናጺ ዚኾነ ሓዲስ ርእዮተ-ሓሳብ ከማዕብሉ ዚተራእዩን፣ ገና'ውን ዘርእዩ ዘሎዉን ኣብ ምብራቃዊ-ክፍሊ-ዓለም ኣፍሪቃና ኪቀላቀሉ ምርካቦም ዘይ-ንክሕዶ እሞ ከዓ፡ ተስፋ ዚህብ ተርእዮ ኰይኑና ዘሎ'ዩ። ናይ'ቶም ዚቀደሙ ቅዱሳንን፡ ትጉሃትን፡ ውፉያትን፡ ሰባኬ-ወንጌል-ክርስቶስና ዚነበሩ ከም ካብ በዓል „ያዕቆብ ዩስጢኖስ“ ዚተወርሰ ኣብነታዊ-ዕዮ ምኳኑ ኪምስክረሉ ዘሎዎ ሓቅነት'ውን'ዩ። ካብ „ወፍ-ዘራሽ“ ዚኾነ ኣታኽልቲ ወጻኢ ኰይኑ ዚተረኽበ፣ ከርሲ ርሁባና ኪሳሰየሉ ዕድል ዘውህብ ፍሬ-ምድሪ፣ ኣብ'ዚ ከባቢ-ጐደቦታትና „ቅዱስ-እጌሌን፡ ቅድስቲ-እገሊትን“ ዘሪኡምዎን፡ ተኺልምዎን፡ እና-ተባህለ፣ ኣስማት ቅዱሳን ዜጋታትና ከም በዓል „ብፁዕ ገብረሚካኤልን፡ ቅዱስ ያዕቆብ ዩስጢኖስን፡ ኣቦና ኣረጋውን፡ ባሕታዊ ኣባ ጋብርን፡ ጻድቅ ኣባ ፍስሓ ገብረኣምላኽን.......ወቦ-ዘእንተ...ዚኣመሳሰሉ ኣስማት ኪዝከሩ ይነብሩ ኣሎዉ። ኣርኣያነቶም፡ ልቦም ተንኪፉዎም ከዓ፡ ኵሎም'ውን'ኳ እንተ-ዘይኮኑ፦ ሓደ-ሓደ መራሕቲ ሕዝብና፣ ብምዕብል ዚበለ „ርእዮተ-ሓሳብ“ ኣሰንዮም፣ ነቲ መደኸደኽን፡ ድሑርን ንዚኾነ መነባብሮ-ሕዝብና፣ ተምሳሉ ብዚኾነ ኣገባብ (ማለት፦ ከም'ቶም ዚቀደሙ ቅዱሳን መንፈሳውያን ወለድናን፡ መራሕትናን ዚሳሰዩሉ ብዚነበሩ ናይ መነባብሮ ሜላ) ናብ „ተግሳጽን“፡ ናብ „ትግባሬን“ ገጹ ንኪመርሕዎ ይፈታተኑ ኣሎዉ። ሰናይ ጅማሮ ብምኳኑ ኸዓ፡ ንጐደና „ሰላመ-ስኒትን፡ ልምዓትን፡ ምትሕልላይን፡....ገጹ ዚመርሕ ስድሪት ምኳኑ ዘጠራጥር ኰይኑና ኣይ-ርከብን። እዚ ኸዓ፡ ልቦና ብምብዛሕ፣ ምትሕብባርን፡ ምትብባዕን፡ ተግሳጽን፡ እንተ-ዘይ-ፈለናሎም ማለት'ዩ። ቅዱስ ኣቦና ያዕቆብ ዩስጢኖስ፦ ነቶም መተካእታ ናቶም ንዚኾኑን፡ ኪኾኑ ንዘሎዎምን መንእሰያት ዜጋታትና ናይ ዘርኣ-ክህነት ኣብ ዓሊቴና (ኤርትራን-ኢትዮጵያን)፦ „ደቀይ! ስኒትን፡ ሓልዮት-ሓድሕድን፡ ሰናይ ዚኾነ ማሕበራዊ - ዕዮን ኣይ-ይጕደለልኩም“ እንክብሉ ኪምዕድዎም እንክሎዉ፣ እዚ ሎሚ ኣብ ዘመና ዚተቀላቀለልና ጽልእን፡ ውግእ-ሓድሕድን፡ ምቅትታልን...ካልእ-ማልእን...ከይ-መጸ ከም ዘይ-ተርፍ፡ ኣብ ሕልናኦም ናይ ፍርሒ ስግኣት ስለ-ዘሕደሩ'ዩ። ራእይ ቅዱሳን (ሰናይ-ፍጻሜ ይኹን ወይስ ዘሕዝን-ፍጻሜ) ተዓቢጡ ኣይ-ተርፍን'ዩ። ዕለቱ ምስ-ኣኸለ፣ ዚኣምንዎ'ውን ምስ ረኸበ፡ ናብ ጋህዲ ይወጽእ'ዩ'ሞ፣ ሰናይ ገድሊ እና-ተጋደሉ፡ ሓናጺ ዚኾነ ኣርኣያነት ዚሃቡና „ጻድቃን ስለ-ዘሎዉና“ ንፍለጦም፡ ነመስግኖም፡ ንኣኦም ከዓ ንምሰል ንብሃል ኣሎና። መማለዲ ዚኾኑና ቡራኬኦም ኣይ-ጋደፈና። ኣሜን። ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ/Abba Yosieph Beyed Awod